ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
The Executive Office

---

**ዜናዊ መግለጺ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት**
**ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ**

ድሕሪ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብመሰረት ውሳኔ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተዋፊሩ ጸኒሑ።

- ኣብ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ኣገደስቲ ቤት ጽሕፈታትን ንየኦም ዘገልግሉ ሓፈሻውን ፍሉያትን ፖሊሲታትን መምርሒታትን ኣብ ምንዳፍን ኣብ ምትእትታውን ብርክት ዝበለ ስራሓት ኣካይዱ። ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት መደባቱ ሰሪዑ ጉቡእ ስራሓቱ ከሰላስል ዘኽእል ቅድመ ምድላዋት ተጠናቒቑ ኣብ ስራሕ ከምዝወፍር ተገሩ ኣሎ።
- ኣብ ዲፕሎማሲያዊ መዳይ ንብርክት ዝበሉ ናይ ምዕራብ ሃገራት ኤምባሲታት ብምርካብ ንዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ኣላልዩን ንቐጻሊ ክህሉ ዝኽእል ናይ ርኽክብ መስመራት ከፊቱን። ንካለኦት ናይ ኣፍሪቃ ሃገራትን ናይ ሃገራት ዓረብ ሃገራትን እናተራኸብካ ክግበር ዘለዎ ስራሓት ድማ ከም መደብ ተታሒዙ ኣብ ተግባር ነቺሉ ኣሎ።
- ኣብ ህዝባዊ መዳይ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ዘይመንግስታዊ ትካላት እናተራኸበ ጉዳይ ስደተኛታትት ብሓፈሽኡ ጉዳይ ኣካለ ስንኩላንን ደቀ ኣንስትዮን ከኣ ብፍላይ ኣልዒሉ ዘትዩ ኣሎ። ንቐጻሊ ናብራ ኤርትራዊ ስደተኛታት ክመሓየሽሉ ዝኽእል መደባት ኣውጺኡ ድማ ክንቀሳቐስ ጀሚሩ ኣሎ። ብተወሳኺ መቐጸልታ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ህዝባዊ ኣኼባታት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ቀጻሊ ህዝባዊ ኣኼባታት ከካየድ ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ።
- ኣብ ዜናን ፕሮፓጋንዳን፡ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ኣካላት እናተራኸበ፡ ፈጻሚ ኣካል ዕላማን ዕማምን ሃገራዊ ባይቶ ብቓለማሕተትን ብጹሑፋትን ከብርህ ጸኒሑ'ሎ። ብዘይካዚ ሓደ ብቑዕን ፕሮፈሽናልን ናይ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ጉጅለ ኣብ ምውዳብን ንዕኡ ዝግባእ ስልጠና ሂብካ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናብ ስራሕ ንኽዋፈር ዘድሊ ቅድመ ተደላይነት ተማሊኡ ኣሎ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ
06/02/12